ERITREAN REVOLUTIONARY DEMOCRATIC FRONT

# ደምዳሚ መግለጺ 2ይ-ስሩዕ ኣኼባ ማ/ሸማግለ፡ ሰውራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ(ሰደግኤ)፤

ማእከላይ-ሸማግለ ሰውራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ(ሰደግኤ)፡ ካብ 06 ክሳብ 10 መጋቢት 2018 2ይ-ስሩዕ ኣኼብኡ፡ ኣካይዱ። 2ይ-ስሩዕ ኣኼባ ማ/ሸማግለ ውድብና፡ ኣብ ፍሉይ ኩነታት ተሰላሲሉ፡፡ ብሓደ ወገን፡ ኣብ ዓለማዊ፣ ዞባዊ፣ ከባብያውን መዳይ፡ በብእዋኑ መልከዓቶም ዝፈላለዩን ብቕልጡፍ ዝቀያየሩን ተኣፈፍቲ ተርእዮታት ኣብ ዝንጸባረቑሉ እዋን እዩ፤ ንሃገራዊ መዳይና ምስ እንርኢ ድማ፡ ገባቲ ስርዓት ህግደፍ፡ ኣብ ልዕሊ ህዝብታትና ዘውርዶ ገደብ ኣልቦ ጭቆናን ኣደራዕን ሳዕቤናቱን ብሓደ ወገን፡ ኣብ ዞባ ማ/ምብራቕን ከባቢናን ዝረአ ዘሎ ተኣፋፊ ፖሎቲካዊ ዘይምርግጋእ ድማ፡ በቲ ካልእ ወገን መዝሚዙ፡ ዕድመ ስልጣን ብምንዋሕ፡ ጸቢብ ጉጅላዊ ረብሓኡ ዘጠናኽረሉ ዕድላት ከስፍሕ ጠገለ ዘይብሉ ምግልባጥ ኣብ ዘካይደሉ ዘሎ እዋን እዩ። ብኣንጻሩ ድማ፡ እቲ ንልዕሊ ክልተ ዓመታት፡ ዓቃልን ልዙብን ውሽጣዊ ቃልስን ኢሂን ምሂንን ክካየደሉ ዝጸንሐ፡ ህዝብታት ኤርትራ ኣብ ክሊ ብዙሕነታዊ ክውንነቶም፡ ኢድ ንኢድ ተታሓሒዞም ክቃለሱ ዘብቅዖም፡ ንእዋናውያንን ህጹጻትን ሕቶታቶም ዝምልሱ ዕላማታትን መትከላትን ዝተሓንገጠ፡ ሰፊሕ ሃገራዊ ግንባር ንምምስራት፡ ኣብ ሞንጎ ስምረት ምንቅስቓስ ኤርትራውያን ንድሕነት ሃገር፣ ዲሞክራስያዊ ምንቅስቓስ ሓርነት ኩናማ ኤርትራ፣ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ-ሕድርን ውድብና ሰውራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራን ክካየድ ዝጸንሐ ዕቱብ ዘተ፡ ናብ ዝለዓለ ደረጃ በጺሑ፡ ብታሪኻውን ዕዉትን ዋዕላ፡ ኤርትራዊ ሃገራዊ ግንባር(ኤሃግ) ኣብ ዝተመስረተሉ ጽባሕ ዝተሰላሰለ ኣኼባ ምዃኑ እዩ።

ማእከላይ ሸማግለ ሰደግኤ፡ ኣብ 2ይ-ስሩዕ ኣኼባኡ ልዑል ቱኽረት ሂቡ ዝተመያየጠሉ፡ ንህሉው ዓለማዊ ኩነታት ብሓፈሻ፡ ኣብ ሞንጎ ልዕለ-ሓያላን መንግስታት ዓለምና ድማ ብፍላይ፡ በይናዊ ልዕልነት ንምርግጋጽ ዝዓለመ ሓያል ኩሉ-መዳያዊ ምንሕናሕን ሳዕቤናቱን እዩ፤ እዞም መንግስታት'ዚኦም፡ ፖሎቲካውን ቁጠባውን ሒሳባቶም ንምውሓስ፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ክፍሊ ዓለማት ብሓፈሻ፡ ኣብ ዞባ ማእከላይ ምብራቕ ድማ ብፍላይ ዝዋስኡሉ፡ በብእዋኑ መልከዓቱ እናቐያየረ ክኽሰት ዝጸንሐን ዘሎን ዘይምርግጋእን ግጭትን፡ ሚልዮናት ውጹዓት ህዝብታት፡ ግዳይ ዘሰቕቕ መቕዘፍቲ፣ ኣካል ምጉዳል፡ ካብ ዝፈትዉዋ ዓዶም ዛሕዛሕ እናበሉ፡ ተደናጋጺ ኣብ ዝሰሓወሉ እዋን፡ ናብ ከርፋሕ ናብራ ስደት ክውሕዙ ዝግደዱሉ ዘስግእ ኩነታት ምህላዉ ረእየ። እዚ ሓደጋ'ዚ ቀስ እናበለ ናብ ከባቢና እናለሓመ፡ ህዝብታት ዝተፈላለዩ ሃገራት፡ ብግጭትን ቅልውላውን እናተሓመሱ ዝኸዱሉ ኩነታት ይሰፍሕ ምህላዉ ኣስተውዓለ። ኣብ ቅልውላውን ዕግርግርን ናይ ምንባርን፡ ንዕኡ መዝሚዝካ ጸቢብ ጉጅላዊ ረብሓኻ ናይ ምምላእ መርሆ ውራየይ ኢሉ ዝሓዘን፡ ንህዝብታናን ሃገርናን ብጨካን ኣገዛዝኣ ንሓደጋ ብርሰትን ምብትታን ዘቃልዖም ዘሎ ርእሰ-ፋሽስት ኢሳይያስን ጉጅልኡን፡ ነዚ ዝረአ ዘሎ ዘይምርግጋእ ተበሊጹ፡ ነታ ብመስርሕ እናማሕመሐት ትኸይድ ዘላ ጉጅላዊ ስልጣኑ መቃነዪ ክገብር፡ ሓደገኛ ስምምዓትን እከይ ዝምድናታትን ይምስርት ምህላዉ ገምገመ።

ርእሰ ፋሽስት ኢሳይያስ፡ ገና ካብ ጽባሕ ሓርነት ኤርትራ ጀሚሩ፡ <u>**''ኣብ ኤርትራ ናይ ቋንቋ ጉጅለታት'ምበር ብሄራት ዝበሃላ የለዋን፤ ብሄራት ምባል ገዲፍናዮ ኢና''**</u> ብምባል፡ ንህዝብን ሃገርን ኤርትራ ብዘይ ቅዋም፡ ብፍጹም ጸረ ዲሞክራስያዊ ኣገባብ፡ ሃገር ምልእታ ብኣፈ ሙዝ ብረት ሓጺሩ፡ ናብ ዓባይ ቤት-ማእሰርቲ ቀይሩ፡ ንህዝብታትና ብድኽነትን ሕሰምን እናገረፈ፡ ንመንእሰያትና ናብ ከርፋሕ ስደትን መቕዘፍትን ከቃልዖም ጸኒሑን ኣሎን። ዓለም ብዓለማ ድማ፡ ብግህሰት ሰብኣዊ መሰላት ተሓታቲ ምዃኑ ዓው ኢላ ኣብ ተእውየሉ ዘላ እዋን ንርከብ፡፡ ይኹን'ምበር፡ ብዘይሕንከት፡ ነቶም ሕገ መንግስቶም ብዝፈጠረሎም ጥጡሕ ባይታ፡ ብኀደና ሰላም፣ ምዕባለን ደሞክራስን ንቕድሚት ክስጉሙ ዝጸንሑን ዘለዉን ህዝብታት ኢትዮጵያ፡ ኣብ መሪሕ ውድባቶም ብዝተራእዩ ዓበይቲ ድኽመታት ተደፋፊኦም፡ ኣብ ዝተወሰኑ ክልላት ናይ ዘይምርግጋእን ግጭትን ተርእዮታት ምኽሳቱ መዝሚዙ፡ ነቲ ኣብ ክሊ ብዙሕነታዊ ክውንነቶም፡ ተኸባቢሮም ብመንገዲ ምዕባለ ንቕድሚት ክምርሹ ዘብቅዖም ሕገ-መንግስታዊ ዓንቀጽ 39፡ ከም ቀንዲ ጠንቂ ንህሉው ቅልውላውን ዓመጽን ገይሩ ክገልጾ ምፍታኑ፡ መበገሲኡን ከመሓላልፎ ዝደለየ ፖሎቲካዊ መልእኽትን፡ ኣትኩሮት ሂቡ ተመያየጠ፤

ዕሉል ውልቀ ገባሪ-ሓዳጊ ኢሳይያስ፡ ኣብ ጽባሕ ሓድሽ ዓመት 2018፡ ምስ "ጋዜጠኛታቱ" ኣብ ዘካየዶ ቃለ መሕትት፡ ነቶም ንፌደራላዊ ዲሞክራስያዊ ስርዓት ኢትዮጵያ ብዓመጻዊ ኣገባብ ከውድቑዎ ዝንቀሳቐሱ ሸነኻት፡ 'ኩነታት ኢትዮጵያ የገድሰና እዩ፤ ናብ ውሽጢ ኢትዮጵያ ኣቲና ክንሕግዘኩም ዝዓግተና የልቦን፤ ቀደም ዝገበርናዮ እንድዩ፡ እንታይ ሓድሽ ነገር ኣሎዎ፤ ኣጆኹም በርትዑ' ብምባል፡ ብዘይሕንከት ንልኣላውነትን ነጻነትን ኢትዮጵያ ክደፍር ንድሕሪት ከምዘይብል ምምዳሩ ተመልከተ። ህዝብታት ኢትዮጵያ ኣብ'ዞም ዝሓለፉ ልዕሊ 26 ዓመታት ዘመዝገቡዎም ዓወታት ዓቂቦም፡ ነቶም ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ኣብ መራሕቲ ውድባቶም ዝተቐልቐሉን፡ መስርሕ ምዕባለኦም ክኾልፉ ዝኽእሉ ድኽመታት ኣሪሞም፡ ንቕድሚት ናይ ምስጓም ዓቕምን ብቕዓትን ኣብ ኢዶም ዘሎ ብሕታዊ ሓላፍነት ምዃኑ እምንቶኡ ኣቐመጠ።

ገባቲ ስርዓት ህግደፍ፡ ብዘይ ቅዋም፡ ንብሄራዊ ብዙሕነት ህዝብታትና ክሒዱ፡ ንሃገርናን ህዝብታትናን ብኣዝዩ ጨካን ስርዓተ ምሕደራ እናገዝአ፡ ሃገርና ነበረት ክትከውን፡ ንቁልቁል ኣፋ እናደፍኣ እንከሎ፡ ካብ'ዚ መወዳድርቲ ኣልቦ ገበናት ክሕባእ ዝኽተሎ ዘሎ ርካሽ ስልቲ ምዃኑ ገምገመ። እዚ ግብረ እከይ መራሕን ጉጅልኡን፡ ፖሎቲካዊ ስርዓቱ ብውሽጡ እናቖንቆነን እናተሸምረረን ኣብ ዝኸደሉ ዘሎ እዋን፡ ብሓደ ወገን፡ እቲ ኣብ ህዝብታትና ንነዊሕ ዓመታት እናተዋህለለ ዝመጸ ናይ ተቓውሞ መንፈስን መሪር ቁጠዐን ተባሪዑ ከይጉሕፎ ብምስጋእ ኣቓልቦኦም ናብ ግዳም ክጥምቱ ንምግባር፡ በቲ ካልእ ወገን ድማ፡ ብግንቦት 1998 ብምኽንያት ዶብ ኣሳቢቡ ኣብ ልዕሊ ኢትዮጵያ ዝወልዖ ሃንደበታዊ ወራር፡ ብመንግስቲ ኢህወደግ ዝወረዶ ዘሕፍር ስዕረት ዘዕረፈሉ ዘይሓዊ ቁስሊ፡ ጊዜ ሓልዩ ሕነ ንምፍዳይ ካብ ዘለዎ ሕዱር ቂም ዝብገስ ምዃኑ ገምገመ።

ኣብ እዋን፡ ነጻነታዊ ተጋድሎ ህዝብታት ኤርትራን ዲሞክራስያዊ ቃልሲ ህዝብታት ኢትዮጵያን፡ ናይ ሓባር ጸላኢኦም ፋሽስታዊ ስርዓት ደርጊ ኣብ ምውጋድ፡ ብዝገበሩዎ ናይ ቃልሲ ምትሕግጋዝ፡ ሃገርና ካብ ባዕዳዊ መግዛእቲ ሓራ ኮይና፡ ብመንገዲ ህዝበ ውሳኔ፡ ከም ነጻን ልኣላዊትን ሃገር ኣብ ዝተፈልጠትሉ፡ ኢትዮጵያ ድማ ብናይ ባዕላ ሕገ መንግስቲ እትመሓደር ካልእ ነጻን ልኣላዊትን ሃገር ኮይና ኣብ ትጓዘሉ ዘላ እዋን፡ ምስ ተቓወምቲ መንግስቲ ኢህወደግ ተወሃሂዱ፡ ናብ ውሽጢ ኢትዮጵያ ኣትዩ ክዋጋእ ከምዝደሊ ምህውታቱ፡ ኣብ ልዕሊ ኤርትራን ህዝብታታን ካልእ ዝኸፍአ ሓደጋ ዘስዕብ ምዃኑ ኣስተውዓለ፡፡ እዚ ስርዓት'ዚ፡ ጸቢብ ጉጅላዊ ረብሕኡ ከማልእ፡ ምስ ዝተፈላለዩ ናይ ዞባ ሓይልታት እናተሻረኸ፡ ኣብ ውሽጣዊ ጉዳይ የመን፡ ብተደጋጋሚ ኢዱ እናእተወ፡ ነቲ ቅልውላው መመሊሱ ክዓርግ እናገበረ ምጽንሑ፡ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ድማ፡ ናይ መንግስቲ ግብጺ ልኡኽን መጋበርያን ኮይኑ ክሽቅል ዘለዎ ቅሩብነት ካብ ምንጽብራቕ ሓሊፉ፡ ኣብ ውሽጣዊ ጉዳይ ኢትዮጵያ ብቕሉዕ ኢዱ ከእቱ ከምዝኽእል ምምዳሩ፡ ዘስዕቦ መዘዝ ኣዝዩ ከቢድ ብምዃኑ፡ ማ/ሽማግለ ሰደግኤ ኣጥቢቑ ከምዝኹንኖን ከምዝቃለሶን ኣረጋገጸ፤ ህዝብታት ኤርትራ፡ ነዚ ሓደገኛ መርገጺ'ዚ ንምፍሻል፡ ዓቕምታቶም ጠሚሮም፡ ንምውጋድ እዚ ጻሕታሪ ኹናት ዝኾነ ስርዓት ብትብዓት ክቃለሱ፡ ጻውዒቱ ኣመሓላለፈ።

2ይ-ስሩዕ ኣኼባ ማ/ሽማግለ ሰደግኤ፡ ብሰፊሑ ዝገምገሞ እዋናዊ ጉዳይ፡ ብዛዕባ'ቲ ኣብ ዓሚቕ ፖሎቲካዊ ቅልውላውን ደውታን ተሸሚሙ፡ ኣብ ዝሓለፉ ልዕሊ ክልተ ዓመታት፡ ካብ ዝኾነ ይኹን ንጥፈታት ቃልሲ ቦኺሩ ዝጸንሐ፡ ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ብዝምልከት እዩ። ኤሃባደለ፡ ውጽኢት ነዊሕን ዝተወሃሃደን ጻዕሪ ደለይቲ ለውጢ ህዝብታትናን ተቓለስቲ ደቆምን ብምዃኑ፡ ካብ ቅድመ-ምድላው ጀሚሩ ብቕኑዕ ኣንፈት ክጓዓዝ፣ በብእዋኑ እናጋጠሙዎ ዝመጹ ዕንቅፋታት ብሓላፍነታዊ መንገዲ ክእለዩ፣ ናብ ዕዉት 2ይ-ሃገራዊ ጉባኤ ብሓባራዊ ዕግበት እንሰጋገረሉ ሃዋሁው ንምፍጣር፡ ውድብና ሰደግኤ፡ ምስ ናይ ቀረባ መሓዙቱ ውድባት ዓቕምታቱ ኣወሃሂዱ፡ ዝከኣሎ ጻዕርታት እናካየደ ምምጽኡ ኣረጋገጸ፡፡ ኣብ ዝተፈላለዩ መድረኻት፡ ቀንዲ ጸገማት ኤሃባደለ ክነለልዮም፡ ከምኡ'ውን ኣብ ፖሎቲካዊ ቅልውላውን ደውታን ሃገራዊ ባይቶና ቀንዲ ተሓተቲ ዝኾኑ ወገናት ብንጹር ክፍለጡ፡ ቅኑዓት መፍትሒታት ክናደየሎምን፡ ዓቕሙ ዝፈቕዶ ጻዕሪ ከምዘካየደ ገምገመ። ኣብ መስራቲ ዋዕላ ኤርትራዊ ሃገራዊ ግንባር፡ ንኤሃባደለ ብዝምልከት ዝተኻየደ ዓሚቕን ሰፊሕን ገምጋምን ዝተበጽሐ መደምደምታን ቅኑዕ ምዃኑ መዘነ፤ ኣብ'ዚ ዋዕላ'ዚ፡ ንሃገራዊ ባይቶና ብዝምልከት ዝተመሓላለፉ ውሳኔታት ብምቕባል፡ ንተግባራውነቶም ክቃለስ ወሰነ።

2ይ-ስሩዕ ኣኼባ ማ/ሽማግለ ውድብና፡ ዓብይ ቱኽረት ሂቡ ዝዘተየሉ ኣርእስቲ፡ ጉዕዞ ኣርባዕተ ውድባትናን መስርሕ ምስረታ ኤርትራዊ ሃገራዊ ግንባር(ኤሃግ)ን እዩ። ናብ ምስረታ ሰፊሕ ሃገራዊ ግንባርና ዘሰጋገረና፡ መስርሕ ዝምድና ኣርባዕተ ውድባትና፡ ካብ ሕሉፍ ተሞኩሮ ሰፋሕቲ ፖሎቲካዊ ጽላላትና፡ ንሓያልን ድኹም ጎድንታት ብግቡእ ኣለልዩ፡ ኣወንታዊ ሸነኻት ብምዕቃብ፡ ንኣሉታዊ መዳይ ድማ ብትረት ብምንቃፍ፡ እኹል ጊዜን ሰፊሕ ቅድመ ምድላውን ብምስልሳል ምዃኑ ተገንዘበ፡፡ ነቲ ዝተኻየደ ዘይሕለል ጻዕሪ ከኣ፡ ኣድናቖቱ ገለጸ፡፡ ኤርትራዊ ሃገራዊ ግንባር፡ ኣብ ዋዕልኡ ዘካየዶ ገምጋም፣ ዝበጽሖ መደምደምታ፣ ዝሓንጸጾም ሰነዳት ፖሎቲካዊ ቻርተርን ሕገ ህንጻን ኣገደስቲ ናይ ቃልሲ መርሆታትን ተቐቢሉ፡ ኣብ ምዕዋቶም ዓቕሙ ዝፈቕዶ

ጻዕሪ ከካይድ ድሉው ምዃኑ ኣረጋገጸ፡፡ ጉዕዞ ኣርባዕተ ውድባትና፡ ገና ኣብ መስርሕ ቅድመ ምድላው እናሃለወ ይኹን፡ ምስረታ ሃገራዊ ግንባርና ብዋዕላ ምስ ተበሰረ፡ ብዝተፈላለዩ ሸነኻት ዝንጸባረቑ ዝነበሩን ዘለዉን ተጻብኦታት ብንቕሓት ብምክትታል፡ ውሽጣዊ ዓቕምን ተደማጽነትን ግንባርና ንምጥንኻር፡ ውድብና ሰደግኤ ምስ መሓዙቱ ኢድ ንኢድ ተታሓሒዙ ብጽንዓት ከምዝቃለስ ኣረጋገጸ።

2ይ-ስሩዕ ኣኼባ ማእከላይ ሽማግለ ውድብና፡ ኣብ ዘላቒ(ስትራተጂያዊ) ዕላማታት ምስ ዝመሳሰሉዎ ብሄራውን ሕብረ-ብሄራውን ውድባት፡ ዓቕምታቱ ጠሚሩ ክቃለስ ዘለዎ ድሉውነት ከም ወትሩ ኣብ ቦቱኡ ምህላዉ ኣመልከተ። ብተወሳኺ፡ ኣብ ክሊ'ዞም ዕላማታት፡ ብመልክዕ ውደባ ምስ ዝመሳሰሉዎ ፖሎቲካዊ ውድባት ድማ፡ ናብ ሙሉእ ምትሕንፋጻዊ ሓድነት ንምብጻሕ ዘካይዶ ቃልሲ፡ ንጽባሕ ይጽናሓለይ ዘይብሎ ጽኑዕ እምነቱ ምዃኑ ኣስመረሉ፡፡ ኣብ ሕሉፍ ተሞኩሮና ይኹን ኣብ'ዚ እዋን'ዚ፡ ኣብ ስትራተጂካዊ ዕላማታት፡ ምስ ውድብና ዝመሳሰሉ ውድባት፡ ኣብ እዋናውያን መትከላት፣ ኣገባብ ቃልሲ፣ ናይ ዝምድና መርሆታትን ተግባራዊ ምንቅስቓሳትን ብዝምልከት፡ ዘይተሰገሩን ኣብ ባይታ ዝድህሰሱ ፍልልያት ምጽነሖምን ምህላዎምን ናይ ኣደባባይ ምስጢር ምዃኑ ኣነጸረ፡፡ ስለዚ፡ ሕቶ ሰፊሕ ደሞክራስያዊ ግንባር ይኹን ምትሕንፋጻዊ ሓድነት ብብቕዓት ንምምላስ፡ ኣብ ቅድመና ተገቲሮም ዘለዉ ብደሆታትን ዕንቅፋታትን፡ ብጥንቃቐን ብውሕሉል ኣገባብ-ዘተን ንምስጋር፡ ዕቱብን ሓላፍነታውን ቃልሲ ምስልሳል ከምዘድሊ ይኣምን፡፡ ሕቶ ሓድነት ይኹን ምስረታ ሰፊሕ ዲሞክራስያዊ ግንባር፡ ንግዝያዊ ፖሎቲካዊ ሃልኪ ዝጭራሕ ዘይኮነስ፡ ብቐንዱ፡ ህዝብን ሃገርን ካብ ኣንጻላልዩዎም ዘሎ ሓደጋ ብርሰት ብህጹጽ ንምድሓን፡ ንብዙሕነታዊ ክውንነትና ኣብ ጸብጻብ ብምእታው፡ እዋናውያን መትከላትን ዕላማታትን ህዝብታትና ማእከል ብምግባር፡ ዓቕምታትና ኣወሃሂድና ብቕዳምነት ንገባቲ ስርዓት ህግደፍ ምውጋድ ኣብ ዝብል መርሆ፡ ኣብ ሓባራዊ ምርድዳእ ምብጻሕ፡ ዘይስገር እዋናዊ ሕቶ ምዃኑ ኣስሚሩሉ ሓለፈ፡፡ ኣብ ጉዕዞና ዝተራእዩ ሕጽረታት ብምስጋር፡ በዚ ቅኑዕ ኣንፈት'ዚ ክቃለስ ድሉው ምዃኑ ኣረጋገጸ።

ማእከላይ ሽማግለ ውድብና፡ ኣፈጻጽማ ዓመታዊ መደባት ዝተፈላለዩ ቤት-ጽሕፈታት ብዝርዝር ገምገመ፡፡ ኣብ ጉዕዞና ዝተራእዩ ወድዓውን ባዕላውን ሕጽረታት ድማ፡ ፈተሸ፤ በብኸባቢኡ ዘለዉ ኣባላት ውድብና፡ ዘካይዱዎም ንጥፈታት ብዕምቆት ገምገመ፡፡፡ ኣወንታታቱ ዓቂቡ ብዝያዳ ንምምዕባል፡ ነቶም ገና ዘይሰገርናዮም ሕጽረታት ከኣ ንምእራም፡ ጻዕርታት ከካይድ ወሰነ፡፡ ኣባላት ውድብና፡ ኣብ መስመራትን ፖሊሲታትን ውድቦም ዘለዎም ጽኑዕ እምነት እናሞገሰ፡ ነዚ ኣብ ቅድሜና ዘሎ ከቢድን ዝተሓላለኸን መድረኽ ቃልሲ ብብቕዓት ንምስጋር፡ ኩሉ መዳያዊ ጻዕሮም ከሐይሉ መጸዋዕታኡ ኣመሓላለፈ፡፡ ዓመታዊ ኩሉ መዳያዊ መደባት ድማ ሓንጸጸ፡፡ ካብ ውሽጡ፡ ብዲሞክራስያዊ ኣገባብ ኣባላት ፖለቲካዊ ቤት ጽሕፈት መረጸ።

ኣብ መደምደምታ፡ ማሕበረ ሰብ ዓለምን መንግስታትን ነቶም በብእዋኑ ብሰንኪ ጨካን ኣገዛዝኣ ገባቲ ስርዓት ህግደፍ፡ ዝፈትዉዋ ሃገሮም መርገጺ ስኢኖምላ፡ ብቃፍላያት ዝስደዱ ዘለዉ ወገናትና፡ ሰብኣዊ ኣቀባብላ ክገብሩሎምን ፖሎቲካዊ ዑቕባ ሂቦም ብሰላም ክነብሩ ጥጡሕ ባይታ ክፍጠረሎም፡ ዕቱብ ጻዕርታት ክገብሩ ኣዘኻኸረ። ኣብ ጎረባብቲ ሃገራት ብሓፈሻ፡ ናብ ኢትዮጵያ ድማ ብፍላይ በብእዋኑ እናተሰደዱ ዝነብሩ ዘለዉ ስደተኛታት ወገናትና፡ ዝግበረሎም ሰብኣዊ ኣቀባብላን ምትሕግጋዝን ብሓፈሻ፡ ንመንእሰያትና ድማ ብፍላይ ዝወሃቦም ዘሎ ናይ ላዕለዋይ ትምህርቲ ዕድል፡ ማ/ሽማግለ ውድብና ልዑል ምስጋንኡ ገለጸ፡፡ ንመጻኢ'ውን፡ ማሕበራዊ ሂወት ስዱዳት ወገናትና ንምምሕያሽ፡ ተታሒዞም ዘለዉ ትልምታት ኣብ ምፍጻም፡ ተጠናኺሩ ክቕጽል ኣተሓሳሰበ፡፡ ኣብ ኢትዮጵያ፡ ናይ ነዊሕ እዋን ነበርቲ ዝኾኑ፡ መንበሪ ፍቓድ ተዋሂቡዎም ማሕበራዊ ሂወቶም ዝመርሑ፡ መብዛሕትኦም ትሑት መነባብሮ ዘሕልፉ ኤርትራውያን ምህላዎም ብምምልካት፡ ነዞም ወገናት ብመሰረት ዓለም-ለኻዊ ይኹን ሃገራዊ ሕግታትን ፖሊሲታትን ፌደራላዊ ዲሞክራስያዊ መንግስቲ ኢትዮጵያ፡ ዝግበኦም ኣገልግሎት ኣብ ምርካብ ዝረኣዩ ሕጽረታት፡ ግቡእ ቱኽረት ክግበረሎም ለበውኡ ብምምሕልላፍ፡ 2ይ-ስሩዕ ኣኼብኡ ደምደመ፡፡

ቅኑዕ መስመርን ሓፋሽን ሒዝና፡ ንጽንኩር መድረኻት ብምስጋር ክንዕወት ኢና!!
ዝኽርን ክብርን ንጀጋኑ ሰማእታትና!!
10 መጋቢት 2018 ዓ.ም.